# ሪፖርታጅ
# መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ
# ኣብ ከተማ ለንደን

ትማሊ ቀዳም 20 ሰነ 2009 ኣብ ከተማ ለንደን ዝቐመጡ ኤርትራውያን ነቶም ኣብ ቃልሲ ንሃገራዊ ናጽነት ኮነ ልኡላውነት ሃገር ንምክልኻል በጃ ህዝብን ሃገርን ክቡር ህይወቶም ወፍዮም ብሩህ መጻኢ ዘውሓሱ ብሉጻት ዜጋታቱ ንምዝካር ናይ ሓደ ሰዓት ዝወስድ ናይ እግሪ ጉዕዞ ድሕሪ ምክያድ፣ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ብሪጣንያን ኣየርላንድን ኣቶ ተስፋሚካኤል ገራህቱ ሓለፍቲ ሽማግለ መኸተን መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓድን ልዕሊ 2500 ህዝብን ኣብ ዝተረኸብሉ ኣብ Hyde Park ነዚ ረዚን መዓልቲ ዘንጸባርቕ መደባት ብምክያድ፣ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ብክብ ዝበለ ስነስርዓት ኣኽቢሮም ውዒሎም።

እቲ ኣብ ዝኽሪ ባዓል ታዳልይሉ ዝነበረ ቦታ Reformers Tree ወግዓዊ መደብ ብዝኽሪ ሰማእታት ድሕሪ ምኽፋት ኣቦ መንበር ሽማግለ መኸተ ዶ/ር በረኸት ፍስሓጽየን ነቲ ክቡር መዓልቲ ካብ ኩሉ ኩርነዓት ለንደን ተጋቢኦም ንዝነበሩ ተኣተፍቲ እንቓዕ ብደሓን መጻእኩም ድሕሪ ምባል፣ ብኣጋጣሚ 20-ሰነ ቃል ሽማግለ መኸተ ሂቡ።

ቀጺሉ መደረ ዘቕረበ ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ፣
20-ሰነ ከም መዓልቲ ሰማእታትና ከኽብራ ከሎና ኣብታ መዓልቲ እቲኣ ንዝተሰዉኡ ጥራይ ዘይኮነ ኩሎም ምእንቲ ሓርነትን ናጽነትን ህዝቢ ኤርትራን ንምዕቃቡን ዝተሰዉኡ ኩሎም ጀጋኑና ኣብ ሀደ ህሞት ብሓባር ንዝክረላ መዓልቲ እንበር ሰማእታትናስ ወትሩ ለይቲ ምስ መዓልቲ ኣብ ልብናን ቀልብናን ከምዘለዉ ዘጠራጥር ከምዘይኮነ ኢሉ።

ኣብ መግለጺኡ፣ እቲ ወሎዶታት ዝኸተተን ከቢድ መስዋእቲ ዝተኸፍሎን ቃልሲ ናጽነት ኤርትራ ክብርታት ናጽነት፣ ሓርነትን ዲሞክራስን ናብ ምዕራፍ ንምብጻሕ ሕጂውን ዋጋ ይኽፈለሉ ኣሎ ኢሉ። ኣብዛ ሓጻር መዋእል ናጽነት'ኳ፣ ናጽነት ንምውሓስ መስዋእቲ ተወሲኽዎ። እቲ ምንታይ ምእንቲ ንሰማእታትና እንስከሞ ዝለዓለ ሓላፍነት ኣብ ሃገራዊ ድሕነትና ዋጋ-ዕዳጋ ዘይምግባር ስለዝኾነ።

ቀጺሉ ኣምባሳደር ካብ ኩሉ ሸነኻት ህዝቢ ብዘይ ኣፋላላይ ዝመከቱ ዜጋታት ኣብ ኩሉ ሰጣሕ ጎልጎልን ስንጭሮታትን ሃገር ራህዋ ከምጽኡ ዝወደቑ ጀጋኑና ሎሚውን ኣብ ጉንዲ ኣእዛና ስለዘድሂ ኢና ከኣ ነዚ መብጻዓዚ ኣሓዲስና ሕጂውን መኸተና ከነሐይል ኣብዚ ዘሎና ድሕሪ ምባል ነዛ ደምበ ሰማእታት ዝኾነት ሃገር ብጥሙር መኸተ ግብራዊ ምላሽ ምሃብ ኢዩ እቲ ሱጊሚ ኢሉ ኣስሚርሉ።

ድሕሪ ኣምባሳደር መደረ ዘቕረበ ኣቦ መንበር ሽማግለ ሰማእታት

ኣቶ ተስፋልደት በራኺ ነቲ ዝካየድ ዘሎ ቀጽሊ ስራሓትን ንጥፈታትን ምንባይ ስድራቤት ሰማእታት መብርሂ ድሕሪ ምሃብ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ክትግበርን ኣብ መደብ ተታሒዙ ዘሎን ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

ድሕሪዚ ዝሰዓበ ክቡር ኣምባሳደርን መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓድን ብሓባር ንኽብሪ ሰማእታትና ተዳልዩ ዝነበረ ሽምዓ ብሓባር ኣብሪሆም።
እዚ ኽምዚሉ እናቐጸለ ከሎ ንዝኽርን ኣድንቖትን ሰማእታትና ዝገልጽ ምኡዝ ግጥምን ዜማታትን ብጉጅለ ዋርሳ "ሕድሪ ፋኑሰይ" ዘርእስታ ሙዚቃዊት ድራማ፣ ከምኡውን ብስነጥበበኛታት ካብ ለንደን "መብጸዓና" ዘርእስታ ሙዚቃዊት ድራማ ብምቕራብ ማዕረ-ማዕረ እቲ ዝካየድ ዝነበረ መደብ ሽማግለ ደገፍ ስድራ ሰማእታት ነቲ ኣጋጣሚ ተጠቒሞም ንህዝቢ ሓበሬታ ዝሓዘ ወረቓቕቲ ብምዝርጋሕን ገጽ-ንገጽ ብምዝርራብን ፎርም ብምምላእን ካልእ ዘድሊ ነገራትን ብምሻጥ ንቆፎ ስድራቤት ሰማእታት ንምስሳን £2819 ኣወፍዮም።

እቲ ልዕሊ 2500 ኤርትራውያን ስተሳተፍዎ ዝኽሪ በዓል ሰማእታት ኤርትራ፣ ህዝቢ ብጉጅለ ዋርሳ ተሰንዩ ሃገራዊ መዝሙር ኤርትራ ብምዝማር ብዝኽሪ ሰማእታት ልክዕ ሰዓት 8 ድሕሪ ቀትሪ ተዛዚሙ።

ዓወት ንሓፋሽ!